## ቦታ-ኣጸደ-ህጻናት ክንደይ እዩ ዋግኡ፧

ኣብ ኖርወይ ንቦታ-ኣጸደ-ህጻናት ትኸፍሎ ዋጋ ላዕለዋይ ደረት ኣለዎ። እዚ ማለት ከኣ ኣጸደ-ህጻናት ካብቲ ሃገራዊ ባይቶ ኖርወይ ዝውስኖ ዓመታዊ ዋጋ ንላዕሊ ንወለዲ ከኽፍላ ኣይክእላን ኢየን። ክፍሊት መግቢ ብላዕሊ ይመጽእ። ክፍሊት መግቢ ካብ ኣጸደ-ህጻናት ናብ ኣጸደ-ህጻናት ቅሩብ ይፈላለ እዩ።

ዋጋታት ቦታ-ኣጸደ-ህጻናት ክንደይ ከም ዝኾነ ኣብዚ ኣሎ፡ www.bergen.kommune.no/pris-barnehageplass.

ትሑት እቶት ዘለወን ስድራቤታት ክፍሊት-ወለዲ ክቕነሰለን መሰል ክህልወን ይኽእል እዩ።

ብዛዕብኡ ኣብዚ ኣንብብ፡ www.bergen.kommune.no/redusert-foreldrebetaling

## ኣጸደ-ህጻናት ምምራጽን ቦታ-ኣጸደ-ህጻናት ምምልካትን

ኣብ www.bergen.kommune.no/barnehageplass ብምእታው ቦታ-ኣጸደ-ህጻናት ንውላድካ ከተመልክተሉ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ዲጂታላዊ ኣፕሊከሽን ምልክታ (ሰማያዊ መጠወቒ ዘለዋ/søknadsapp) ኣብ ከባቢኻ ዝርከባ ኣጸደ-ህጻናት ክትረኽበን ትኽእል ኢኻ። ኣብ በርገን ዝርከባ ኣጸደ-ህጻናትብምልኣን ዘርኢ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ገጽ ኣሎ፡ www.bergen.kommune.no/barnehager

ኣብ ከባቢኻ ዝርከባ ኣጸደ-ህጻናት ኣብ www.barnehagefakta.no ብምእታው ክትረኽበን ትኽእል ኢኻ።

### ምልክታ ከተእቱ ሓገዝ የድልየካ ድዩ፧

ኣብ Kaigaten 4 ዝርከብ Innbyggerservice ፊት Byparken ዝርከብ ተረኪብ ወይ ከኣ 55 56 55 56 ደውል። ውልቃዊ ቍጽሪ መንነት ኖርወይ ዘይብልካ እንተ ኾይንካ ንኽተመልክት እውን ኣብዚ ይሕግዙኻ ኢዮም።



© Kristin Hauge

*Innbyggerservice, Kaigaten 4.*

BERGEN KOMMUNE

Skipnes.no Svanemerket trykksak, 2041 0731 Foto forside: © Trude Haugen

TIGRINJA

# ኣጸደ-ህጻናት – ጽቡቕ ምጅማር






## ኣጸደ-ህጻናት- ጽቡቕ ምጅማር

ኣጸደ-ህጻናት ሓደ ስነ-ምህሮኣዊ ትካል ኰይኑ ቈልዑ ክእለዩ፡ ክጻወቱሉን ክመሃሩሉን ዘድልዮም ደገፋት የማልኣሎምን እዩ፡ ከምኡ እውን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝፍልምዎ ቀዳማይ ስጉሚ እዩ። መብዛሕቲኦም ኣብ ኖርወይ ዝቕመጡ ቈልዑ ኣብ ክሊ ዕድመ ሓደ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመታት ዝርከቡ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ይኸዱ ኢዮም።

## ኣጸደ-ህጻናት- ምስ ወለዲ ብቐረባ ብምትሕብባር ዝወሃብ ስነ-ምህሮኣዊ መደብ

ኩለን ኣጸደ-ህጻናት ብሕታውያን ይኹና መንግስታውያን ብሃገራዊ ሕጊ ኣጸደ-ህጻናት እየን ዝቕየዳ። ሰራሕተኛታት ኣጸደ-ህጻናት ብውሑዱ ሰለስተ ዓመታት ልዑል ደረጃ ትምህርቲ ኮለጅ ዘለዎም መማህራን ኣጸደ-ህጻናት እዮም ተቖጺሮም ዝሰርሑ። እዚ ማለት ከእኣ ብዛዕባ ቈልዑ ልዑል ኣፍልጦ ዘለዎም ብቑዓትን ሓለይትን ሰራሕተኛታት ኢዮም ንውላድካ ዝኣልዩ ዘለው። እቲ ቈልዓ ዝግበረሉ ምክትታላትን ደገፋትን ምስ ስድራቤቱ ብጥብቂ እንናተራኸቡ እዮም ዘካይድው። ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወካ ምስቶም ሰራሕተኛታት ክትዛረበሉ ትኽእል ኢኻ፡ ከምኡ እውን ንምቾትን ማሕበራዊ ምዕባለን ውላድካ እጃሞም ዘበርክቱ ርእይቶታት ከተስምዕ እውን ትኽእል ኢኻ። ብፍላይ ዝተፈላለዩ ባህልታት ኣብ ዝራኸቡሉ እዋን ኣብ መንጎ ኣጸደ-ህጻናትን ስድራቤትን ዝካየድ ርክብ ፍሉይ ኣገዳስነት ኢዩ ዘለዎ።







## ኣጸደ-ህጻናት- ቦታ ጸወታ፡ ምህሮን ምዕባለን እዩ።

- ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ውላድካ ምስ ካልኦት ቈልዑ ኣብ ማሕበራዊ ሃዋሁው ዝጽንበረሉ ኢዩ። እቶም ቈልዑ ናይ ነንሓድሕዶም ባህልታት፡ ቋንቋታትን ዝንባለታትን ይላለዩ። እቲ ቈልዓ ምስ ካልኦት ቈልዑን ዓበይትን ብምውህሃድ ብጸወታን ንጥፈታትን ናጻ ኰይኑ ነፍሱ ይፈታትሕን ይመሃርን። እቲ ቈልዓ መሓዙት ብምርካብ ማሕበራዊ ብቕዓቱ የማዕብል፡ ከምኡ እውን ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ንኩሎም ዓውድታት ምዕባለታት ዘደንፍዓሉ ተመኩሮታት የጥሪ።
- ቋንቋዊ ምዕባለ ቈልዑ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት እዩ ዝቕስቀስ። ምስ ካልኦት ቈልዑ እናተጻወተን እናተመራመረን እቲ ቈልዓ ሓሳባቱ፡ ርእይቶታቱ፡ ስምዒታቱን ተመኩሮታቱን የሰላስሎ። ከምዚ ብምግባር ቈልዑ ኣብ ኣጸደ-ህጻናትቋንቋኦም የማዕብሉዎ እዮም።
- ቈልዑ ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓደ ቋንቋ ንላዕሊ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ኣጸደ-ህጻናት ምስ ወለዲ ብሓባር ኰይኖም ቋንቋ-ኣደኡን ኖርወይኛን ንኽመሃር ባይታ ከጣጥሑሉ ኣሎዎም - ኣብ ገዛኡ ቋንቋ-ኣደኡ፡ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ድማ ኖርወይኛ ይማሃር።
- ቋንቋ ምምሃር ግዜ ይወስድ እዩ፡ መጽናዕትታት ከም ዘርእዮ፡ ሓደ ቋንቋ ንክትማሃሮ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት ይወስድ ከም ምዃኑን፡ ኣብ ልዕል ዝበለ ወግዓዊ መዳያት-ምህሮ ከተድምዓሉ ድማ፡ ማለት ኣብ ከምኒ ብቕዓት ምንባብን ምጽሓፍን ንዝምልከት፡ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ሾውዓተ ዓመታት ይወስድ ከም ምዃኑ እዩ።
- ስለዚ እዩ ድማ ቈልዑ ቅድሚ ቤት-ትምህርቲ ምጅማሮም ብእዋኑ ኣጸደ-ህጻናት ጀሚሮም ኖርወይኛ ንክመሃሩ ኣገዳሲ ዝኾውን።

## ኣጸደ-ህጻናት- ንወለዲ ዕድላት ይኸፍተሎም

- ውላድካ ብብቑዓትን ሓለይትን እናተኣለየ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት እናተኣለየልካ ንስኻ ድማ ከም ወላዲ መጠን ስራሕ ንክትጅምር ወይ ትምህርቲ ንክትማሃር ዕድል ይኸፈተልካ ኣሎ ማለት ኢዩ።

